Göteborgs Stad

# ሰላም ወላዲ

**- ኣፍላይ መንእሰይ ውላድካን ድራግን ብዝምልከት እንታይ ትሓስብ?**



ከም ወላዲ ወይ ሞግዚት መጠን ብዛዕባ ኣልኮላዊ መስተ፡ ድራግ፡ቶባክን ምጥላዕን ዝያዳ ኣፍልጦ ምእንቲ ክትረክብ እዛ ብሮሹር ትምጠወልካ ኣላ።

ኣብዚ ቤት ትምህርቲ ካብ ድራግ ነጻ ዝኾነ ቤ/ት ንኽኸውን እንታይ ከም ንገብር ክትፈልጥ ኢኻ። ምኽርን ደገፍን ኣበይን ። ብኸመይን ክትረክብ ከም እትኽእል እውን ኣንፈታታት ክትረክብ ኢኻ።

**ኣብ ህይወት ውላድካ እቲ ዝዓበየ ኣገዳሲ ሰብ ንስኻ ኢኻ**
ከም ሞግዚት መጠን ኣገዳሲ ኣብ ልዕሊ ምዃንካ፡ውላድካ ኣብ ኣልኮላዊ መስተን ድራግን ዘለዎ ኣረኣእያ ንኽክትጸሉ ዓቢ ተኽእሎ ኣለካ።



ቈልዑን መንእሰያትን ካብ ቶባኮ፡ ኣልኮላዊ መስተን ድራግን ዝቑጠቡሉ ቀንዲ ምኽንያት ከም ወላዲ ወይ ካልእ ቀረባ ሰቦም ከጉህዩ ስለ ዘይደልዩ እዩ። ኣረኣእያኻ ብዝምልከት ንጹር እንተኾንካ፡ እቲ ቈልዓ ካብ ድራግ ንኽቍጠብ ዘለዎ ዕድል ዝዓበየ ይኸውን።

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ኣብ ትምህርቲ ዕዉታት፡ቤ/ት ዝፈትዉ፡ ኣብ ስሩዕ ናይ ትርፊ ግዜ ንጥፈታት ዝሳተፉን ምስ ብስድራቤቶም ግዜ ዘሕልፉ መንእሰያት፡ ኣልኮላዊ መስተን ካልእ ድራግን ንኽጅምሩ ዘሎ ተኽእሎ ትሑት እዩ።

**እቲ ቤት ትምህርቲ እውን ኣገዳሲ ተራ ኣለዎ**
ቤት ትምህርቲ ካብ ድራግ ነጻ ዝኾነ ውሑስ ቦታ ክኸውን ይግባእ። ምምሕዳር መባእታ ቤት ትምህርቲ ዮተቦሪ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣልኮላዊ መስተ፡ ኒኮቲን፡ ቶባክን ድራግን ዜሮ ተጻዋርነት ኣለዎ። እቲ ቤት ትምህርቲ ጥዕና ቈልዑን መንእሰያትን ዘተባብዕ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ቤት ትምህርቲ ቈልዑን መናእሰይን ድራግ ንምሻጥ ካብ ዝግበሩ ናይ ምልመላ ፈተነታት ክከላኸለሎም ይግባእ።

እቲ ቤት ትምህርቲ ምጥቃም ወይ ምሻጬ ኣልኮላዊ መስተ፣ ኒኮቲን፣ ቶባክን ድራግን ብዝምልከት ጥርጠራ ምስ ዝህልዎ፡ ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ግዴታ ኣለዎ። ኩሎም ኣባላት ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ ምስ ድራግ ዝተኣሳሰር ንጥፈታት ምስ ዝጥርጥሩ ናብ እንዳ ሶሻል ከመልክቱ ግዴታ ኣለዎም።

መሸጣ ድራግ ወይ ዶፒንግ ይካየድ ከም ዘሎ ጥርጠራ ምስ ዝህሉ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ኩሉ ግዜ ናብ ፖሊስ የመልክት። ውላድካ ብዝምልከት ሕቶታት ወ ስክፍታታት ምስ ዝህልወካ ወይ ምስ ትጭነቅ፡ኩሉ ግዜ ንክፍሊ ጥዕና ተማሃሮ ክትውከስ ትኽእል ኢኻ።



**ቶባክን ካልኦት ፍርያት ቶባክን**
ካብ ዓሰርተ ሰባት ሸጋራ ከትክኹ ወይ ትንባኾ ክሰፉ ዝጅምሩ፡እቶም ትሽዓተ 18 ዓመት ቅድሚ ምምላኦም እዩ። መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ ካብ ቶባክ ዝቘጠቡ ቈልዑን መንእሰያትን፡ ካልእ ድራግ ንኽፍትኑ ዘሎ ስግኣት ኣዝዩ ትሑት ምዃኑ እዩ።
ኣብ'ዚ እዋን ኣብ መንእሰያት ዝረአ ዘሎ ሓድሽ ዝንባለ ምጥቃም ጻዕዳ ትንባኾ ኮይኑ፡ ወላኳ ካብ ትምባኾ ነጻ ከም ዝኾነ ኣብ ዕዳጋታት እንተ ቐረበ ኒኮቲን ግን ኣለዎ። ካልእ ውሩይ ኮይኑ ዘሎ ድማ ቬይፐ ዝበሃል ኢ-ሸጋራ እዩ። እዚ ኢ-ሸጋራ ትምባኾ ዘይብሉ እኳ እንተኾነ ብፈሳሲ መልክዕ ኬሚካላት፡ መመቀሪ ንጥረ-ነገራትን መብዛሕቱ ግዜ ድማ ብመልክዕ ሃፋ ኒኮቲን ዝቕመ እዩ። እቲ ናብ ሳንቡእ ዝስሓብ ሃፋ ንጥዕና ሓደገኛ እዩ። ኢ-ሸጋራ ጸኒሑ ናብ ንቡር ሸጋራ መሳገሪ ክኸውን ይኽእል እዩ።




**ኣልኮላዊ መሰተ**
ሓንጎል ሰብ ክሳብ 25 ዓመት ዝመልእ ምዕባለኡ ጌና ስለ ዘይውድእ ብፍላይ ኣልኮላዊ መስተ ነቲ መንእሰያት ጐዳኢ እዩ። መንእሰያት ኣልኮላዊ መስተ ምስ ሰተዩ ዘጋጥሞም ሳዕቤናት ከም ዝሕብርዎ፡ ብቐሊሉ ኣብ ባእሲ ከም ዝኣትዉ፡እንታይ ከም ዘጋጠመ ከም ዝርስዑ ወይ ንሕሜታ ከም ዝቃልዑ እዩ።

ከቢድ ገበን ዝወረዶም ወይ ንባዕሎም ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ከቢድ ገበን ዘውርዱ ቁልዑን መንእሰያትን ኣለዉ። እቲ ገበን ንኣብነት ብዘይ ፍቓድ መኪና ምምራሕ፡ ገበን ዝምታ ወይ ጾታዊ መጥቃዕቲ፡ መጥቃዕቲ ወይ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት መሰል ሰብ ዝግህሱ ስእልታት ምዝርጋሕ ከጠቓልል ይኽእል።

**ኒትሪክ ጋዝን(ሉስትጋስ) መድሃኒታትን**
መንእሰያት ንኽሰኽሩ ኣብ ፌስታታት ኒትሪክ ጋዝ ምጥቃም ኣብ'ዚ እዋን ዝያዳ ልሙድ ኮይኑ ኣሎ። ከም ድራግ ዘይተመደቡ ግን ከኣ ምስ ካልእ ድራግ ምስ ዝውሰዱ ንኣብነት ምስ ኣልኮላዊ መስተ ከቢድ ሳዕቤን ክህልዎም ዝኽእል መድሃኒታት ኣለዉ።

## ድራግ

ድራግ ንኣብነት ከኒና፡ ሓሩጭ፡ መንእሰያት ዘትክኽዎ ወይ ዝሰትይዎ ነገር ክኸውን ይኽእል። ገለ ኣብነታት ናይ'ዚ ሓሽሽ፡ ኣምፈታሚን፡ ሄሮይን፡ ኤክስታሲን ጫትን እዮም። ገለ ሓያላት መህድኢ ቃንዛ ከኒናታትን መደቀሲ መድሃኒትን ከም ድራግ ይቑጸሩ፡ ንኣብነት ትራማዶል። ኣብ መንእሰያት ሓሽሽ እቲ ኣዝዩ ዝውቱር ዝኾነ ድራግ እዩ። ሓሽሽ ንኣተኩሮ፡ ናይ ምውሳን ዓቕምኻ፡ ንድርኺትን ናይ ምዝካር ዓቕምን ይጸልዎ። ሎሚ ሓሺሽን ማሪዋናን ብዝተፈላለየ መጸረዪ ኣገባብ ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበሮም ሓይሊ ኣዝዩ ወሲኹ ኣሎ።



## ምጥላዕ

ሓደ መንእሰይ ብገንዘብ ምስ ዝጣላዕ ኣብ መጻኢ ብሰንኪ እዚ ናይ ጠላዕ ወልፊ ዝተኣሳሰሩ ጸገማት ንኽወርድዎ ዘሎ ስግኣት ክብ ክብል ይኽእል እዩ። ሳዕቤት ምጥላዕ ንኣገደስቲ መዳያት ህይወት ቈልዑን መንእሰያትን ብኣሉታ ይጸሉ።ንኣብነት ምስ መሓዙትካን ስድራቤትን ዘለካ ርክባት፡ትምህርትኻ ቊጠባኻን ይጸልዎ። ስለ'ዚ ምጥላዕ ከም ናይ ስግኣት ረቛሒ ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ።

## ርክብኩም ምክትታልን ኣይቋረጽ

ንኽትፈልጥ ተገዳስነት ይሃልኻ፡ ሕቶታት ሕተት፡ ወላ ብዛዕባ ቶባክ፡ ኣልኮላዊ መስተ፡ ሓሽሽን ጠላዕን እዉን እንተኾነ ምስ ኣፍላ መንእሰይ ውላድካ ተዛረብ። እቲ ኣፍላ ውላድካ ኣበይ ከምዘሎን ኣዕሩኽቱ መነመን ምዃኖም ፍለጥ። ምስ ናይ ኣዕሩኽቱ ወለዲ ተዘራረብ። ብዙሓት ወለዲ ኣብ'ዚ ዕድመ፡ ነቲ ምክትታል ውላዶም ከግዱሉዎ ልሙድ እኳ እንዘይኾነ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ግን ኣብ'ዚ ዕድመ እዚ እዩ እቶም መንእሰያት ናይ ወለዶም ቅርበት ዝያዳ ዘድልዮም። ስለ'ዚ ቁሩብ ደኣ ጽናሕ እቲ ርክብ ኣይተጉዱሎ!

## ንለውጥታት ንቑሕ ኩን

ኣብ ምቅይያር ባህርያት ኣፍላ መንእሰይ ውላድካ ኣስተውዕል።ንኣብነት ብኩሪት ትምህርቲ ምስ ዘብዝሕ፡ኣብ ዕዮ ትምህርቱ እናሰነፈ ምስ ዝኸይድ፡ቅድሚ ሕጂ ዝስሕብዎ ዝነበሩ ነገራት ተገዳስነት ምስ ዘጥፋእ፡ ወይ ድማ ካብ ሰባት ክፍለ ብምድላዩ ከጨንቐካ ምስ ዝጅምር፡ እዚኣቶም ምልክታት እዮም።
ብውሽጥኻ ገለ'ስ ኮይኑ ኣሎ ዝብል ምስ ዝስመዓካ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ቅኑዕ ኢኻ ዘለኻ።

እቲ ኣፍላ መንእሰይ "ኩሉ ሰብ" ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ሓሽሽ ይፍትን ከምዘሎ እንተነጊሩካ፡ ነዚ ግብረ መልሲ ክትህበሊ ኣገዳሲ እዩ። ሓደ ሰብ ኣብ መጀመርታ ሓሽሽ ምጥቃም ኣብ ዝጅምረሉ እዋን ንኽቋርጾ ቅልል ይብል።ይኹን ደኣ'ምበር ኦሮማይ ሕጂስ ሓገዝ ምሕታት ኣይጠቅምን እዩ ዝበሃል ነገር የለን።

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ሓንጎል ኣፍላ መንእሰያት ብኣጋኡ ኒኮቲን፡ ኣልኮላዊ መስተን ሓሽሽን ምስ ዝጥቀም፡ወልፋም ንኽኸውን ዘሎ ስግኣት ዓብዪ እዩ።

## ሓገዝ ሕተት

ብዛዕባ ውላድካ ወይ ብዛዕባ ኣዕሩኽቱ ትጭነቕ እንተ ኼንካ፡ ሓገዝ ኣሎ። በይንኻ ኣይኮንካን። ኣብ ዝቕጽል ገጽ ሓገዝ ንምርካብ ንመን ከም ትውከስ ዝያዳ ከተንብቡ ትኽእል ኢኻ። ምስ'ቲ ቤት ትምህርትን እቲ መንእሰይ ውላካ ግዚኡ ዘሕልፈሎም ካልኦት ትካላትን ቦታታትን ምዝርርራብ እውን ኣገዳሲ እዩ።

# ኣብ'ዚ ደገፍን ምኽርን ክትረክብ ትኽእል

**ሚኒ-ማርያ ዮተቦሪ**
ነቶም ክሳብ 21 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያትን ወለዶምን ኣዝማዶምን። ምስ ሓሽሽን ኣልኮላዊ መስተን ዝተኣሳሰር ሕቶታት ወይ ስክፍታታት ምስ ዝህልወካ፡ ናብ'ዚ ክትውከስ ትኽእል ኢኻ። ሚኒ-ማርያ ብዛዕባ ሓሽሽን ብዛዕባ ድራግን ንወለዲ ዝኸውን ኣስተምህሮ ይህብ እዩ። እቶም ዝርርባት ብነጻ ኮይኖም እቶም ኣብኡ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ብሚስጢር ምዕቃብ ይቕየዱ እዮም።
www.minimaria.se

**ደገፍ ካብ ከተማ ዮተቦሪ**
ዝተፈላለዩ ዓይነታት ደገፍ ወለዲ ኣብ'ዚ ኣለካ
www.goteborg.se/foraldrastod
ውልቃዊ ደገፍ፡ ስልጠና ወለዲ ወዘተ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ምስ ገለ ሰብ ክትዛረብ እንተ ደሊኻ፡ናብ
ኣሃዱ መንእሰያት መስመር ቴሌፎን ወለዲ ትድውል: 031-367 96 14

**ማሕበር ወለዲ ንጸረ ድራግ FMN**
FMN ደገፍ ብዝርርብ፡ ጕጅለታት ባዕላዊ ሓገዝ፡ ምውሳድ መርመራታትን ወዘተን ይህብ። www.fmngoteborg.com/vi-kan-erbjuda.html

**ክንክን ጥዕና**
1177
https://www.1177.se/sjukdomar--besvar/Beroende-och-skadligt-bruk/

**መስመር ደገፍ ንወልፊ ቁማር ምኽርን ደገፍን ዝወሃበሉ**
www.stodlinjen.se/om-stodlinjen

በዛ QR-ኮድ ኣቢልካ እቲ ቤት ትምርህቲ ነቲ ካብ ድሯግ ነጻ ዝብል መትከል ብኸመይ ከም ዝሰርሓሉ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል።

Göteborgs Stad